# **ኣደይ እታ ሓርበኛ-** ‘መጣቓዒት ኮይና’!!!

ኣቲ ዓሚ-ዓሚ
እኳ እቲ ቀደም
እቲ’ኳ ተደላይት ኮላ
ኣደይ እታ ማርያም
ተቐባልት ጋሻ
መናሃርያ ነይራ

ከብዲ ከንደይ ጥሙያት ኣዕንጊላ
ቃዕቃዕ ዝበላ
ጎረሮ ጽሙኣት ኣርዊያ
ብኣ ዝሓለፈ
ኩሉ’ዩ ተቛዲሱ
ኣሻብ ድኣ ተረሲዑ

ነቲ ስለ ሃገር ዝፍጽም ግብኡ
መናሃርያኡ’ያ ነይራ - ዓንኬሉ
ካብ ምዕራብ ንምብራቕ
ብስሜን ንደቡብ
ካብ ማእከል ካብ ወሰን
ካብ’ቲ ስግር እንኮላይ
ጅብህኡ ሻዓብያኡ
ይመጽዋ ነይሮም ካበየ ቦታኡ

መን ነይሩ ዘይሞቐ- ኣብ ሕቑፉ
ክንደ’ዲኡ ኮይና - ክንዲ ሓብቱ
ክንደ’ቦኡ’ወ - ምስሊ መንነቱ
ክንዲ ስበይቱ - መማኽርቱ መላዝብቱ
ክንዲ ሓዉ - መላዕልቲ በትሩ
ስረ ወድያ -ቀሚሻ ጕሒፉ
መኾስ ብጺጋማ- ከላሽን ብየማና
ንኹሉ ኪኢላ - ምእንቲ ዉላዳ
ነቲ ዝተተለመ ክትዛዝሞ ምሒላ
ዘዝሳዓበ ቆልዓ ንበረኻ ኣውፊራ
በቲ ሓደ ሓይሉ - በቲ ካልእ ድሪኹቱ
ብልባ ትምርቐ -  ብልሳና ትድርዖ
ደጀኑ’ምበር ነይራ -  ጎልጕለ- ብዓቱ
ዓይነ-እዝኑ - መድሕን ዕርድታቱ
ወትሩ ኣብ ጎኑ - ጊሓተ-ምሸቱ።

ኣደ ሰውራ’ያ’ምበር -
ጽኑዕ መሸጎራ
ተተይ ኣቢላቶም
ከፊላ ሕሉባ ንጹፋ
ወዲኣቶ ሓሳረመከራ
ሸግር ተጻዊራ
ጨጨዃሩ ንውሽጢ
ከይተውጽእ ከፋኣ
መፍቶ ጓኖት ከይንኸውን
ኩሉ ኣብ ከብዳ ዓቍራ
መን ኣሎ ከማኺ!
ላካ ንግዝያዊ ጥበራ

ለዋህ ልባ ኮይንይሎም ሕዛእቲ
ነቶም’ኳ ካድረታት
ናይ ሰውራ ሃዋርያት!
ነቶም ርግቢት ሰላም -
እቶም ተጋደልቲ
በጃ ዝተፈርዱ ንመስዋእቲ
ማዓስ ትርስዕም ኩሎም በብሓንቲ

ነይሮም ድማ ሓደሓደ ተዋሳእቲ
ሰውራ ለበስ ኣመሰልቲ
እቶም መዳፋእቲ - ብቐትሩ ዓመጽቲ
እቶም’ኳ ዓዳኺት- እቶም መጓጠጥቲ
በትሪ ሓይሎም  - ፍትሒ ዝጐደሎም
እንዳማቶም ንብረት -ሃጊሮም ዘሚቶም
ዋናታት ዝኾኑ ኣብዘይናቶም
ቀዳምነት ዝሰርዑ ረብሓታቶም
እቶም ዝሰዓቡ - ርእዮም ዝወፈሩ
ብስም ሓፋሽ ንጠቕሞም ዝነግዱ
ነጋዶ ናይ ጊዜ ንጠቕሚ ዝሓብሩ
መዋእሎም  ብሃገር ክቛመሩ
ናይ ሎሚ ካኣ’ሞ ገዲዱ
እነህውለ’ንዶ ናብ ጽላእታ ይስግዱ
ክትፎ ይበልዑ -
ምስቶም ብሉጻት ደቃ ዘጽነቱ

ገሊኣቶም ንስልጣን -
ገሊኦቶም ኣብ ስልጣን
ገሊኣቶም ኣብቲ ሰማይ-ጠቀስ
ፖላሶታት ኤውሮ-ኣመሪካ
ተንጠልጢሎም ዘይውዳእ ጠሚትካ
ትውጋሕ’ሞ!! ክነጽይዋ ይፍክሩ
ነታ ሓርበኛ ኣደይ ክብድሉ

ከምዛ ዘይተዓንገሉ ካብ ማኣዳ
ከመዛ ዘይበልዑ - ቅጫኣ ጣይታኣ
ማዓሩ ጠሰሙ - ሕርዱ ፍትፍቱ
ከምዛ ዘይረወዩ ብእንጣጢዓ ስዋኣ
ከምዛ ዘይማመቑ ኣብ ሕቑፉ
ከምዛ ዘይደቀሱ ኣብ መደበ-ንእዳ
ሸኾርተት ከምዘይበልሉ ደምበኣ ባይቶኣ
ካን ኣስተናዒኞማ
መሳሓቑ ገይሮሞ ንስማ!
ተዓሲቦም  ብጸላእታ
ይዋገዩላ
ከውርድዋ ናብ ዕዳጋ!

ጥሙይ ከብዶም ብኢዳ ታዓንጊሉ
ቖፎፉኣ ገረውረው እንድዩ’ሉ
ሓፋሲት ክንሳ ባዶ ኢዳ ተሪፋ
ወላዲት ክንሳ መኻን ኣምሲሎማ
ትእውዶ ዕዳ ገና ከይተኸፍላ
ካብ ማሙቕ ገዛኣ
ንስደት ከልምድዋ
መኸርቲ መሲሎም
ተመጽወቲ ክብልዋ
ዝበጽሕዎ ንኸይትበጽሐትሲ ...
ንዕዳን ዕንድዳን ፈሪዶማ
ዓንዲ ሕቆ ሰውራ
ከምዘይነበረት ካብ ፈለማ
ኣንቂሖማ
ስለ ዝጸንዕት ጽንዒ’ሎማ
እቲ ኣደ ህዝቢ እንኮላ
ክሳብ ዝደልዎም
መንከማኺ ኢሎማ
ሕጂ ግን ቅድድም፣ ንኽምጅርጥዋ
ሕደሪ’ለኩም
ክትምሕጸኖም ሃቂና -
እንታይ’ልኪ?!! በቃ ከምዛ ዘይሰምዕዋ!
ክምዛ ጸማም ኮይኖምሲ
ሓቂ’ዩ ክድንጽዋ

እንታይ እዋኑ ድኣ
ተመንዩ ዝናኣ
ስማ ተቐይሩ
ምስኪን ተባሂላ
ሓንቲ ዘይትፈልጥ
በቃ መጣቓዒት
ጥራይ ፍረ-ኣልቦ ዕልልታ
ገና ከይተዳህሰሰ
ዝሓለፈ ዛንታ
ትዝንጠል እናሃለት
ብዝጠለሙ ደቃ!

ናይቶም ካብ ግናያት ዝገነዩ
ድማ ዝገደደ
ኣብ ዓቕምይ ክምርኮስ
ስለ ዝበለት ደጊማ
ከህስስዎ እናሃለዉ ይብሉ ሻማ-ሻማ
ነቲ ብስረኣ ዘምጽኣቶ ዝና
ብድሕሪ ኮምፒተር ተሓቢኦም'ሲ
ኮንቱ'ዩ ክብሉና!
ምኽን እንዶሞ ስኢኖም
ብኹሉ ፈቲኖማ
ቃልሳ ንክብሪ
ስለዝነበረ ካብ ፈለማ
ኣሻሓት ማዓስ ንብላሽ ክፈላ
30ዓመታት
ንኮንቱ ኣይነበርን ገድላ
ንኹሉ መሰናኽል ከከም-ገጹ ውጊና
ክትሰውድ ግዲ'ዮም ሪእዮማስ
በቓ ሃሮምሮም - ብደዋ ክበልዕዋ
ካብ ዘይሓለውዋ ላምስ
ድልዮም ጓጉድ ጸባ

እሞ......
እቲ ቅዱስ ትልሚ
ሕልሚ ህዝቢ ዘግሃደ
ምስ'ቲ ምሩጽ ዘርኢ ....
ዘርኢ ጻዕዳ ስርናይ
ኣብ መጉእ ወቒጣ
ክትኰእኰኦም ነቶም ግናይምናይ
ስለ ዝፈለየቶ
ነቲ ሐሸርበሸር ንፋይ
ዘርኢ ክርዳድ ኮይኑ
...............በቲ ኣጠንቓላይ
ንዶላር ክብልሲ ታሪኽ ሓሚስዎ
መታን ኮርዒዳ ክብልዎ
ግዳ ሓሶት ፋይዳ የብሉን
ብሓቒ'ዩ ዝሰዓር
ቀልጢፉ ድማ ይበንን
ዕድል ኣይንሃቦም
ንባዓል ዛህላይማህላይ
ኣብ ሓድነትና  ንጽናዕ ጥራይ
ንሓዋሩ ክኾነልና'ዩ ሸሻይ

ስለዚ......
ነስተብህለሎም ድኣ
ነዞም ጣልማያት ናይ ዘመና
ከምቲ ኣቦታቶም
ዘታለልዎም ነቦታትና
ነ'ዴና ከይሸጥዋ ከየገርሁና
ክንዲ ፍረ-ጣፍ
ዘይሓገዙ ኣብ ጸገማ
ሽዑ ኣብቲ ጸልማት
ከምዘይበሉ ጋህሚ'ለና
ከኪሲሮም ምስ ሃደሙ ሓዲጎማ
ምስ ወግሓልና
'ኣለና' ክብሉና
ምስ ቀተረ
ካላሽን ሃቡና'ሎም ክፍክሩ
ንብርሃንና ናብ ጸልማት ክቕይሩ
ኣይንረብሕናን ሓቂ ከይመስለና
ንኣኣቶም ስለዘይጠዓሞምሲ
ከምስልዎ 'ዋዜማ'
ኣብ ሕቑፊ ጓኖት ተዓቚቦም
ክብራ ዘንጢሎማ
እታ 'ሓርበኞ' ቀዩሮምስ
'ጓል ብዳማ' ኢሎማ
ኣደ ሰውራ ተሪፉስ
'እንዶ ኣልቦ' ተባሂላ
በቃ ጸሊኦማ
ስለ ዝጸንዐት ከም ቀደማ
ከም ትማሊ
ንሃገራ ኣብ መትከላ
ወይከ ፈልከት ኢላስ
'መጣቓዒት ኮይና'!!!

መኮነን ዓንተራይ (Mekonen Anteray)
21/02/13